
# ምምራቕ መዝገበ ቃላት ኖርወጂያን ብትግርኛ

08|05|2011




ዳግማይ ሕታም መዝገበ ቃላት ኖርወጂያን ትግርኛ ብዘመናውን ምዕቡልን ኣገባብ ምስ ክፍሊ ሰዋሱ ውን ረባሕታኦምን ተጻሒፉ ናብ ትግርኛን ኖርወጂያን ተዛረብቲ ህዝቢ ብዕለት 07 ኣብ ዓቢ ቤት ንባብ ዳይክማንስ ኣዳራሽ ኣብ ከተማ ኦስሎ ተመርቓ።

እዛ ብክፍሊ ሰዋሱውን ረባሕታኦምን ዝቐረበት መዝገበ ቃላት ካብ ርሑቕን ቀረባን ከባቢታት ናይ ኖርወይ ዝመጹ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዕላውያን ቤት ጽሕፈታት መንግስቲ ኖርወይ፡ ማለት ካብ ዩኒቨርስቲ ኦስሎ ክፍሊ ዲፓርትመንት HF ፕሮፌሰር ስቫይን ሞንስላድ፡ ካብ ኣሕተ ምቲ ኩንስካፕስ ፕሮፌሰር ቱር ጉቱ፡ ካብ ክፍሊ ሚኒስትሪ ትምህርቲን ኣብ ክፍሊ ምርምር መጽናዕትን ምውህሃድ ስደተኛታትን ሓንቲ ወኪል ዝተረኸቡቶ። ከምኡ'ውን ወከልቲ ማሕበረኮም ኤርትራዊያን ኣብ ኦስሎን ከባቢኣን፡ ወከልቲ መንእሰያት ህግደፍን፡ ወኪል ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ኦስሎን ከባቢኣንን፡ ዕዱማት ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛን መሓዙትን ኣብ ዝተረኸብዎ ብድምቕ ዝበለ ኣገባብ ተመሪቓ።



ብመጀምርታ መድረኽ ዝፈኸተት ካብ ኣሕተምቲ ሲፕረስ፡ ነጋይሽ እንኳዕ ብድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ንደራሲ እንኳዕ ኣብዚ ኣብጻሓካ በለት። ካብ'ዚ ቀጺላ እዛ መጽሓፍ እዚ'ኣ ኣብ መንጎ ሰለስተ ሃገራት፡ ማለት ኖርወይ፡ ኤርትራን ሃገረ ኩረሺያን(መጽሓፍ ዝተሓተመትሉ ቦታን) ሓድነት ፈጢራ ኢያ ኢላ። ኣብ ንድፍን ቅር ጽን ምትሓዝ እዛ መጽሓፍ ንዝተሓባበረት ሩት ድማ ስለ'ቲ ጽቡቕ ስርሓ ንኢዳ።



ቃል ሲፕረስ ፎርላግ ምስ ቀረበ፡ ካብ ዩኒቨርስቲ ኦስሎ ኣብ ዲፓርትመንት HF ፕሮፌሰር ስቫይን፡ናብ መድረኽ ድሕሪ ምምጻእ፡ ብዛዕባ ኣሰራርሓ መዝገበ ቃላትን፡ መዝገበ ቃላት ምስራሕ ኣዚዩ ጸዕሪ ዝሓትት ስራሕ ከም ዝኾነ፡ ብዙሕ እቶት ዘይብሉ ስራሕ ኣብ ኖርወይ ምዃኑ ገሊጹ። ንደራሲ ስለ'ቲ ጻዕሩን፡ ባህጊ ስርሑን፡ ብርቱዕ ተገዳስነት ኣብ ስርሑን ንኢዱ። ደራሲ ብውልቂ ይኹን ብዕሊ ነዛ መዝገበ ቃላት ኣብ ምስራሕ ካብ መንግስቲ ዝረኸቦ ሓገዝ ከምዘየለ ገሊጹ። እዚ ደራሲ ዝሰርሖ ስራሕ፡ ብገንዘብ ዘይትመን፡ እትዋየት ከምዘይብ ሉ ድማ፡ ዳግም ኣብሪሁ። ንደራሲ መደረ ከስምዕ ናብ መድረኽ ዓዲሙ። ኣብ ስራሕ መዝገበ ቃላት ኣብ ንድፍን ቅርጽን መጽሓፍ ንዝሰርሐት ክኢላ ዲዛይነር ሩት ድማ ኣመስጊኑ።



ደራሲ መዝገበ ቃላት ኖርወጂያን ትግርኛ መምህር ያእቆብ ገብረትንሳኤ፡ ናብ መድረኽ ቀሪቡ፡ ኣብ ምስራሕ መዝገበ ቃላት ምስ ገላጺ ሰዋስውን ክፍሊ ረባሕታን፡ ዘጋጠምዎ ብድሆታት ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ገሊጹ። ንሓደ ቋንቋ ብስርዓትን ኣገባብን ምፍላጡ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ ኣብሪሁ። ኩሎም ኣሃዱ ቃላት ናይ ኖርወጂያ ን፡ ዝተፈላለየ ናይ ሰዋሱው ክፍሊ ከምዘለዎ'ም ንዕዱማት ኣዘኻኺሩ።



ንቐሺ ብንያም ገብረንጉስ ድማ ብዛዕባ ታሪኽ ቋንቋ ትግርኛን ኣመጻጽኡን ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ክገልጽ ናብ መድረኽ ዓዲሙ። ቋንቋ ትግርኛ መዓስን ብኸመይን ከምዝመጸን፡ ትግርኛ ንኸይምዕብል ዝዓንቀጹ ተጻብኦታትን፡ ስነ-ጽሑፍ ትግርኛ ብኸመይ ከምዝ ጀመረን ገሊጹ። ምትብባዕን ምስጋና ነደራሲን ከምዝግብኦ ድማ ንዕዱማት ኣጋይሽ ኣዘኻኺሩ። ምጽሓፍ በዚ ኣየብቕዕን እዩ፡ ካልኦት ጸሓፍቲ ድማ ንኣብነቱ ክስዕቡ ተላብዩ።



ቀጺሉ ኣቦ ወንበር ማሕበረኮም ኤርትራዊያን ኣብ ኦስሎን ከባቢኣን፡ ኣቶ ዘርኢሰናይ ፍቓዱ ናብ መድረኽ ድሕሪ ምምጻእ፡ ሕጽር ዝበለ መድረኽ ኣስሚዑ። ንደራሲ ያእቆብ ብሽም ማሕበረኮም እንኳዕ ኣሐጎሰካ ድሕሪ ምባል፡ ስራሕ ማሕበረኮምን ዕላማታቱን ገሊጹ፡ ካልኦት መንግስታዊ ትካላት ኣብ ምምዕባል ማሕበረሰብ ምትሕብባር ክገብሩ ተላብዩ። ንደራሲ ብምትብባዕ ህያብ ዕምባባን ካርተሊናን ሂቡ።



ወኪል መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ኦስሎ ኣቶ ቴድሮስ ያሬድ ናብ መድረኽ ድሕሪ ምምጻእ፡ ንደራሲ መጉሱ፡ ኣብ ምውህሃድ ማሕበረሰብ ኤርትራዊያንን ኖርወጂያውያንን ድማ ዘተባብዕ ስራሕ ምዃኑ ገሊጹ። ንደራሲ ያእቆብ ከም ኣብነታዊ ጸሓፊ ብምባል ናእዳኡ ገሊጹ።

ቀጺሉ መስራቲን ኣመሓዳርን ኣፍሮ ኖርወይ ወብሳይት፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ ናብ መድረኽ መጺኡ፡ ንደራሲ ሞጉሱን፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎን ወለድን ሰላምታ ኣቕሪቡ፡ ካብ ወለዲ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ህያብ ዕምባባን ካርተሊናን ሂቡ። ብዛዕባ ደራሲ 3 ፍሉይት ትዕዝብትታቱ፡ ገሊጹ።



ካብ'ዚ ቀጺሉ ፕሮፌሰር ቱር ሕጽር ዝበለ ቃል ኣስሚዑ፡ ንደራሲ እንካዕ ኣሐጎሰካ ድሕሪ ምባል፡ እታ ቀዳመይቲ መዝገበ ቃላት ኣብ 1978 ካብ ኖርወጂያን ናብ ቬትናም ከም እተጻሕፈት ገሊጹ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ ካብ ቬትናም ናብ ኖርወጂያን ተሓቲማ ወጺኣ ኣላ። ከም'ኡ ድማ፡ ነዚ ጻዕሪ ዝሓትት ስራሕ፡ ካብ ትግርኛ ናብ ኖርወጂያን ክጽሓፍ የተባብዕ ብምባል፡ ንደራሲ ያእቆብ ጥራይ ዝዋሃብ ስራሕ ኣይኮነን እሞ ካልኦት ነዚ ተበግሶ ክወስዱ ይግባእ ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ፕሮፌሰር ስቫይን ነቶም ነዚ ስራሕ ዕውት ንምግባር ዝተተሓባበሩን፡ ፕሮፌሰር ቱር ጉቱ፡ ቀሺ ብንያም፡ ኣቶ ተኽለዝጊን ኣቶ ፋኑኤልን ህያባት ዓዲሉ። ብነጻ ግዜኦም ዝሃቡን፡ ንደራሲ ዘተባቡዑን፡ ትሕዝቶ መጽሓፍ ንዝገምገሙ፡ ንማሕበረኮም፡ ንመንእሰያት ህግደፍ ህያብ ተዓዲሉ። ኣብ ኣፍሮ ኖርወይ ኣብ ምፍላጥ መጽሓፍ ንዝተሓባበረን፡ ትሕዝቶ መጽሓፍ ንዝገምገመን ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ ህያብ ሂቡ። እቲ ሓደ ዕላዊ (tolk med statsautorisasjon) ናይ ትግርኛ ኣተርጓሚ ኣብ ኖርወይ ኣቶ ኣርምያስ፡ እንኳዕ ኣሐጎሰካ ድሕሪ ምባል፡ ህያብ ተዋሂቡ።

ኩሎም ዕዱማት፡ ነቲ ዝቐረበሎም መግብን መስተን ወኻዕ እንዳበለ እንዳተዛነዩ በሊዖም፡ ንደራሲ የቐንየልና ድሕሪ ምባል፡ መጽሓፍ ብጎደሎ ዋጋ ገዚኦም። እዛ ሓዳስ መዝገበ ቓላት፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ልዕሊ 250 ቅድሓት ተሸይጣ።
ኣሳልጦን ዓወትን ኣብ መጻኢ ስራሕ ደራሲ ንምነ!

ኣምላኽ ንሃገርና ይባርኽ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

